# ሓለፍቲ ድሕነት ቤት ትምህርቲ

## ግደ ሓለፍቲ ድሕነት ቤት ትምህርቲ

እቲ ቀንዲ ግደ ናይ ቤት ትምህርቲ ሓለፍቲ ድሕነት ምስ ተምሃሮ ብምርኻብን ኣወንታዊ ውሳነታት ንኽውስኑ ብምብርትታዕን ጥዑይ ሕብረተሰብ ኣብ ምህናፅ ኣበርክቶ ምግባር እዩ።

ሓለፍቲ ድሕነት ቤት ትምህርቲ (SRO) ኣብ እዋን ሓደጋ ዝግበሩ ቅደም ሰዓብ ብምምሃር፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ መብራህርሂታት ብምሃብን ካልኦት ካብ ስሩዕ ስርዓተ ትምህርቲ ወፃኢ ዘለዉ ንጥፈታትን ምስ ተምሃሮ በብእዋኑ ይራኸቡ እዮም። ብተወሳኺ ’ውን ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርትን ከባቢኡን ብዘርእዩዎም ባህሪን ስነምግባርን መሰረት ምስ ተምሃሮ ክራኸቡ ይኽእሉ እዮም።

እቶም ሓለፍቲ ድሕነት (SROs) ልዕሊ ምኽባር ሕጊታት ኣብ ምሕጋዝ ተምሃሮ ዝያዳ ትኹረት ዝገብሩ እንትኾኑ፤ ነቶም ስዒቦም ዘለዉን ካልእ ዝኾነ ይኹን ሕቶን ስግኣታትን ምስ ዝህልወኩም ንዓኹምን ደቅኹምን ንምሕጋዝ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይርከቡ።

- ብኽመይ ድሕነትካ ውሑስ ምግባር ከምዝከኣል፤
- ስራሕቲ ፖሊስ (ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብን ከም ሞያን)
- ሕግን ሕጋዊ ስርዓትን ካናዳ፤
- ብኣካል ይኹን ብመርበብ ሓበሬታ ዝበፅሕ ፀርፍን ምድሃልን

ሓደ ተምሃራይ ኣብ ዝኾነ ናይ መናእሰይ ናይ ገበን ፍትሒ ሕጊ (YCJA) መሰረት ዝኽሰሰሉ ወይ ድማ ብሓለፍቲ ድሕነት እቲ ቤት ትምህርቲ (SRO) ናብ ካልእ ኣካል ኣብ ዝለኣኸሉ ጉዳይ እንተተሳቲፉ፤ ወለዱ ወይ ድማ ኣለይቱ/ሕጋዊ መዕበይ ስድራኡ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ንክፈልጡ ይሕበሮም። ብተወሳኺ ድማ ሓለፍቲ ድሕነት ቤት ትምህርቲ (SRO)፣ ሰራሕተኛታት እቲ ቤት ትምህርቲ ከምኡ ’ውን ምምሕዳር ናይቲ ቤት ትምህርቲ እቲ ተምሃራይ ዘርእዮ ፀባይ ብዝምልከት ከከም ኣድላይነቱ ንወለዱ ምዝርራብ ይኽእሉ እዮም።

### ናይ ሓለፍቲ ድሕነት (SROs) ኣብ ቤት ትምህርቲ ምህላው

መብራሕቲኦም ሓለውቲ ድሕነት ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ጥራይ ዝተመደቡ ስለዘይኮኑ እቲ ናትኩም SRO ኩሉሻብ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርትኹም ዘይክትርኡዎ ትኽእሉ ኢኹም። እቶም ሓለፍቲ ድሕነት ምስ ምምሕዳር እቲ ቤት ትምህርቲ ብምትሕብባር ኣብ ኣየናይ መዓልታት ኣብቲ ቤት ትምህርቲ እንተዝህልዉ ከምዝምረፅ ይውስኑ እዮም።

ናትኩም SRO በቲ ዝተብሃለ ዕለት ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ከምዝህሉን ከምዘይህሉን ንምርግጋፅ እንተደሊኹም ናብ ናይ ቤት ትምህርትኹም ዋና ቢሮ ብምኻድ ክተዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ኣብ እዋን ሓደጋ ምዕቛብን ዝግበሩ ቅደም ሰዓብ ምልምማድን

ኣብ እዋን ሓደጋ መዕቖቢ ምሓዝ (Lockdown) ሰበ ስልጣናት እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ ተምሃሮን ሰራሕተኛታትን እቲ ቤት ትምህርቲ ጭቡጥ ዝኾነ ናይ ድሕንነት ስግኣት ኣሎ ኢሎም ኣብ ዝሓሰቡሉ እዋን ዝግበር ከይዲ ምክልኻል እዩ። መዕቖቢ ናይ ምሓዝ ፖሊሲታትን ሕግታትን ብ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ዝዳለው እዮም።

ኣብ እዋን ሓደጋ መዕቖቢ ናይ ምሓዝ (Lockdown) ዕላማ ኩሉ ሰብ ኣብ ውሽጢ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ህንፃ ድሕነቱ ኣብ ዝተሓለወ ቦታ ክፀንሕ ብምግባር ድሕንነት ተምሃሮን ሰራሕተኛታትን ምሕላው እዩ።

ኣብ ካልጋሪ፤ ቤት ትምህርቲታት ልክዕ ከምቲ ናይ ሓዊ ሓደጋ ንምክልኻል ዝገብርኦ ልምምዳት ኣብ እዋን ሓደጋ መዕቖቢ ምሓዝ  እውን ክለማመዳ ይግበር እዩ። ኣብ እዋን ሓደጋ መዕቖቢ ናይ ምሓዝ ቅደም ሰዓብ ልምምድ ምግባር፤ ተምሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ እዋን ሓደጋ ኣድላዪ ዘበለ ኹሉ ከይዲ ንክኽተሉ ዝሕግዝ እዩ። ሓለፍቲ ድሕነት ቤት ትምህርቲ (SRO) ልምምድ መዕቖቢ ምሓዝ ንኽገብሩ ዓመት ሙሉእ ንኣብያተ ትምህርቲ ይሕግዙ እዮም።

## ካብ ናይ ሓደጋ ግዜ መዕቖቢ ምሓዝ ልምምድ ትፅቢት ዝግበር

ኣብ ሓደጋ ግዜ መዕቖቢ ምሓዝን ልምምዳቱን ዝጅምር ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ብዝግበር መፀዋዕታን ደወልን እዩ። ኣብ ሓደጋ ግዜ ምዕቛብ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ተምሃሮ ካብ መምህራኖም ንዝወሃቦም መምርሒታት ብኣግባቡ ክኽተሉ ኣለዎም።

sፖሊስ መኮነናት ናይ ተምሃሮን ሰራሕተኛታትን ውሑስነት ንምርግጋፅ፣ ሓበሬታታት ንምሃብን ሕቶታት ንምምላስን ናብ ሕድሕድ ክፍሊ፣ ቢሮን ዙርያ ቤት ትምህርትን ዑደት ይገብሩ እዮም። ንስኹም ወይ ድማ ደቅኹም ሓገዝ እንተድኣ ደሊኹም፤ ወይ ድማ ስለ ኣብ ሓደጋ እዋን ምዕቛብ ሕቶታትን ስግኣታትን እንተድኣ ሃልዩኩም፤ ንምምሕዳር እቲ ቤት ትምህርቲ ከምኡ ድማ ነቶም ሓለፍቲ ድሕነት እቲ ቤት ትምህርቲ ከዘራርቡ ይግባእ።

# ሓለፍቲ ድሕነት ቤት ትምህርቲ

## ግአበን ምሕባር

ሓለውቲ ድሕነት ናይ ቤት ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝተፈፀሙ ገበናት ክሕብሩ ንዝደልዩ ተምሃሮ ሓገዝ ይገብሩ እዮም።

lናትኩም SRO ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘይህልዉሉ መዓልቲ ሓገዝ እንተደሊኹም ምስ ናይ ቤት ትምህርትኹም ዋና ቢሮ ብምዝርራብ ምስቲ ዝተመደበልኩም ኣካል (SRO) ክራኸቡ ይኽእሉ።

ኣብ ሓደጋ ግዜን ኣብ ምፍፃም ንዘለዉ ገበናትን ንምሕባር ናብ **911 ይደውሉ**።







## SRO ዳግማይ ምስትንታን ፕሮጀክት

ኣብ 2020, ግልጋሎት ፖሊስ ካልጋሪ (CPS) ስርዓታዊ ዘርኣዊነት ብንቕሓት ንምቅላስን ፀረ ዘርኣውነት፣ ፍትሓዊን ንኹሉ ዝሓቁፍ ናይ ፖሊስ ግልጋሎት ኣብ ምሃብ ዝለዓለ ፃዕሪ ንኽገብር ቆሪፁ ተላዒሉ ነይሩ። እቲ ኣገልግሎት ነዚ ቁርፀኛነት ንምስኻዕ ብመደብ ሓለፍቲ ድሕነት ቤት ትምህርቲ (SRO) ገይሩ ዝበለፀ ኣሳታፋይን ሓጋዚን ከባቢ ንምፍጣር ክሰርሕ እዩ።

ግልጋሎት ፖሊስ ካልጋሪ (CPS) ቅድም ክብል ፍትሓዊነት ዝግብኦም ተምሃሮን ስድራን ምስ ፖሊስ ዘጋጠሞም ኣሉታዊ ተዳንፎታት ዝምልከት ኣፍልጦ ኣለዎ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብዝወሰዱዎም ትምህርቲታት፣ ኣብ ሕብረተሰብ ትኹረት ዝገበሩ መደባት ዝምልከት ምስ ሕብረተሰብ ብዝገበሩዎም ሰፋሕቲ ምኽክርን መሰረት ገይሩ ናይ SRO መደባት ናይ ኹሎም ናይ ካልጋሪ ተምሃሮ ድሌት ዝመልእ መደብ ንምፍጣር ቁርፀኛ እዩ።

ግልጋሎት ፖሊስ ካልጋሪ (CPS) ናይ SRO መደባቱ ንምሕያሽ ምኽሪታት ተቐቢሉ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ዘሎ ምዕባለታት ኣብ **calgarypolice.ca** ምክትታል ይከኣል።